ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ -ሕድሪ جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية - حيدرى

**ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT – HIDRI**

# ዜና

## ዳግመ ስርርዕ ኣብ ዕጡቕ ኣሃዱታት

## ግሃድኤ -ሕድሪ፡

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ - ሕድሪ (ግሃድኤ-ሕድሪ) ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤኡ ካብ ዕለት 10 ክሳብ 16 ታሕሳስ 2017 ኣካይዱ ብድምቀት ድሕሪ ምዝዛሙ፡ ውጽኢት ጉባኤ ንዕጡቕ ኣሃዱታት ግሃድኤ-ሕድሪ ብሓለፍቲ ወተሃደራውን ጸጥታውን ቤት ጽሕፈት ዝርዝር መብርሂ ብ27 ታሕስስ 2017 ከምዝተዋህበን ቀጺሉ ከኣ ዳግመ ስርርዕ ከምዝተኻየደን ካብቲ ቤ/ጽ ዝበጽሓና ዜና ሓቢሩ፡፡

ዕጡቕ ኣሃዱታት ግሃድኤ-ሕድሪ ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤና ኣብ ትሕቲ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!! ብዝብል መሪሕ ጭርሖ ተሰንዩ ብድምቀት ምዝዛሙ ዝተሰምዖም ሓጎስ ድሕሪ ምግላጾም፡ ነቲ መሪሕ ጭርሖ ውድብና **“ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!!”** ዝብልን ፖለቲካዊ ውሳኔታት ጉባኤን ኣብ ግብሪ ንምውዓል ኣበርቲዖም ክሰርሑ ምዃኖም ከምዘረጋገጹ እቲ ጸብጻብ ወሲኹ ሓቢሩ፡፡ ኮምኡውን ዕድመ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ከብቅዕን ዘበነ-ስልጣኑ ክሓጽርን ምእንቲ ውዳበታቶም ኣበርቲዖም ክሰርሑ ምዃኖም ካብ ወተሃደራውን ጸጥታውን ቤ/ጽ ዝበጽሓና ዜና ሓቢሩ፡፡

ዕጡቕ ኣሃዱታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ - ሕድሪ (ግሃድኤ-ሕድሪ) በዘይሃገር ክብረት የለን፡ ስደት መፍትሒ ኣይኮነን፡ ኢሎም ኒሕን ሓቦን ሰኒቖም ኣብ ቅድመ ግንባር ተሰሊፎም ብዝሓልፍ ሂወት ዘይሓልፍ ታሪኽ ብደሞም ኣጽሒፎም ንምሕላፍ፡ ግንባሮም ንዓረር ሂቦም፡ ኩላትና ደቂ ሃገር ምዩቕ ዘይንብለላ ንኩላትና ኤርትራውያን ብሓባር እትሓቁፍ ደሞክራስያዊት ኤርትራ ንምምስራት በጃህዝቦም ንክውፈዩ ዝተሰለፉ መንእሰያት እዮም፡፡ በዚ መሰረት ኩሉ ደላይ ፍትሕን ማዕርነትን ሰላምን ዝኾነ ወዲ ሃገር ኣብ ጎኖም ኮይኑ ሞራልን ተስፋን ክህቦም ይግባእ፡፡

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!!

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

ግሃድኤ - ሕድሪ

30 ታሕሳስ 2017